# ጉድለትካ ሸፊንካ ሐሶት ምጉዋሕ

## ግመል ሰሪቕካ ጎምባሕ ጎምባሕ እዩ

ካብ ይኩኖ መስፍን
ቦስቶን - ሰሜን አሜሪካ

አብ ዝሓለፉ ሒዶት ኣዋርሕ ናብ ዓዲ ከይደ ብፍላይ አብ ትግራይ ብአካል ተዘዋዊረ ብዓይነይ ዝራኣኹዎ ዘሕዝን ኩነታትን ከምኡ'ውን አብ ፅርጊያ ከርተት ዝብሉ ብአካል ረኺበ ዝሓተትኩዎም ጉዱኣት ተጋደልቲን መበገሲ ገይረ "**ጉዳይ አካለ ጉዱአት ተጋደልቲ ትግራይ ንፀቢብ ፖሊቲካዊ ጥቕሚ ክውዕል አይግባእን**" ብዝብል ርእሲ ዝፃሓፍኩዎ ሓፂር ፅሑፍ ብዜና ማዕኸናት አቢሉ ወፂኡ ከምዝነበረ ዝዝከር እዩ:: እቲ ነዚ ዝምልከቶ አካል ማለት ላዕለዋይ አማራረሓ ማሕበር አካለ ጉዳኣት ተጋደልቲ ትግራይ ድማ ነቲ ዘውፃእኹዎ ፅሑፍ ብምጥቃስ ሂቡዎ ዘሎ 12 ገፅ ዝሓዘ ዝርዝር መልሲ እውን በአቓልቦ ደጋጊመ አንቢበዮ እየ::

ኮይኑ ድማ ብሓደ ወገን እቲ ይምልከተኒ እዩ ዝብል አካል መልሲ ምፅሓፉን እቲ ጉዳይ ብግልፂ ንህዝቢ ቀሪቡሉ መምዩ ገፀ ንገፅ ከንብቦን ክግንዘቦን ምብቅዑ ብወገነይ ሕጉስ እየ:: ከምዙይ ዝበለ ነገር ንቕድሚት እውን ክልመድን ክድገፍን ክተባባዕን ዘለዎ አወንታዊ ነገር እዩ ዝብል እምነት አለኒ:: ከምኡ'ውን ናይቲ ጉዳይ አገዳስነት ብምርዳእ ብክልቲኡ ወገን ዝቐረበ ዝተፈላለየ አረኣያን ዝተፈላለየ መረዳእታን ዝሓዘ ፅሑፍ ጎኒ ንጎኒ ብምቕራብ ንሰማዕቲን ንመንበብቲን ክበፅሕ ንዝገበሩ ኩሎም ናይ ዜና ማዕኸናትን ናይ ተሌ-ኮም ዓውደ ምይይጣትን በዚ አጋጣሚ እዙይ ክብ ዝበለ ምስጋናይ ከቕርብ እፈቱ::

ደቂ ሰባት ህዝቦምን ሀገሮምን ማእኸል ገይሮም ጉዳይ ህዝብናን ወገናትናን ንሕና እውን የግደሰና እዩ ኢሎም ንዘቕርብዎ ይሕመቕ ይፀብቕ ሓሳባት ተዓቢጡ ከይተርፍ ናብ አደባባይ ወፂኡ ህዝቢ ክማሃረሉን ጌጋታት እንተሃሊዮም እውን ብእዋኑ ብአግባቡ ክእረሙን ንምግባር ዕድል ዝኸፍትን ናይ ዲሞክራሲን ግልፅነትን ባህሊ ዘዕቢን ብምዃኑ ንቕድሚት እውን ክደገፍን ክልመድን ዘለዎ ሰናይ ተግባር እዩ እሞ ቀፅሉሉ እብል::

ይኹን'ምበር ብወገን እቶም ሓለፍቲ ዝባሃሉ ተዋሂቡ ዘሎ 12 ገፅ ዘለዎ ናይ ፅሑፍ መልሲ ግና አቀራርቡኡን ትሕዝትኡን እንትረአ አብቲ ፅሑፈይ ቀሪቦም ዘለው ሕቶታትን መረዳእታታትን መበገሲ ገይሩን አብቲ ቀንዲ ጉዳይ አትኩሩን መምሃራይ ብዝኾነ አግባብ ዝምልስ አይኮነን:: አነ ብግልፂ ካብ ጉድለትኩም ተኣረሙ ብምባለይ ከም ድፍረትን ውርደትን ተሓሲቡ ነቲ ዋና ጉዳይ ንጎኒ ገዲፉ ሓላፊነትን ስነ ምግባርን ዝጎደሎ፣ ይትረፍ'ዶ መንግስታዊን ህዝባዊን ሓላፊነት ዘለና መራሕቲ ኢና ካብ ዝብሉ ሰብ ስልጣንስ ካብ ካሊእ እውን ዘይትፅበዮ፣ ገደብ ዘይብሉ፣ ብተራ ፀርፊን ተራ መፀለምታን ተሰኒዩ ብምቕራቡ ብጣዕሚ ዘሕዝን ኮይኑ እየ ረኺበዮ:: ከምዙይ ዝበለ ነጠባ ድማ ዘይተዓደለት ሀገር!! ዘይተዓደለ ህዝቢ!! ዘብል እዩ::

እቲ ብወገኖም ዝቐረበ ዝርዝር ፅሑፍ እውን አብ ዝተፈላለዩ ዓንቀፃቱ ካብ ዘስፈሮም ተራ መፀለምታት ውሽጢ "ትሕዝቶ አይተ ይኩኖ *በለካ ለኽዓካ* ዝበዝሖ፣ ሓላፍነት ዝጎደሎ፣ ሚዛናውነት ዘይብሉን አብ ርእሲ ምዃኑ ዘለካ ፅልአት ንምንፅብራቕ ዝፈተነ እዩ"...ይብል::

አብ ካሊእ ገፃቱ ድማ "አብ አሜሪካ ዝተገብረ ንአካለ ጉዱኣት ናይ አስተዋፀኦ መድረኽ እውን ዝገበርካዮ ተሳትፎ ቀደሙ እውን ቅንዕና አይነበሮን:: እቲ ናይ አካለ ጉድኣት ማሕበር ሓገዝን ተቐባልነትን ምርካቡ *ማዓንጣ ከብድኻ ተሓሪድካ ኢኻ*:: እቲ መድረኽ ከይዕወት ዕንቅፋት ዝፈጥሩ ዝነበሩ ሰባት እውን *ኣያታትካ* እዮም:: ነቲ መድረኽ እውን ናብ ናይ ባዕልኻ ረብሓ ክትጨውዮ ኢልካ ነይርካ ኢኻ"....ይብል::

ምስናይ ቅንጅትን ካሊእ ናይ ፖለቲካ ሓይሊን ከታሕዝዎ እንከለው ድማ *“ዝረባኻን ዘረባ ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማራያምን* ሓደ ኮይኑ:: መበገሲኻ ፖሊቲካዊ እዩ:: *ንኃይተትካ ከተሕጉስ* ኢልካ ኢኻ እዙ ኹሉ ዝፃሓፍካዮ” ወዘተ ወዘተ….ይብል::

ምስ ትእምት (ትካል እግሪ ምትካል ትግራይ) አተሓሒዞም ድማ *“ትእምት ዝባሃል ናይ ልምዓት ትካል ብምቛሙ ትቃወም ኢኻ”* ብዝብል ከም ፀረ ልምዓት ትግራይ ዝቖፅር አገላልፃ አቕሪቦም እዮም:: እዚኦም ጥራሕ እውን አይይኮኑን፣ ስመይ ንምጥፋእን ማንነተይ አብ ሕቶ ንምእታውን ከምኡ’ውን እቲ ዘቕረብኩዎ ፅሑፍ ብህዝቢ ተቐባልነት ንከይረክብን ብዝብል ስልቲ ናይ ህዝቢ ስሚዒት ከላዕሉ ይኽእሉ እዮም ኢሎም ዝሓሰብዎም ካልኦት ብርክት ዝበሉ ተኺሳሐቲ ነጥቢታት እውን ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ አብቲ ፅሕፎም ንምግላፅ ዘይፈንቀሉዎ እምኒ የለን ክባሃል ይካኣል እዩ::

እወ! ዘይተነግረ’ምበር ዘይተገብረ የለን” ከምዝባህል አነ ዘሕዘነንን ዘገረመንን ቀንዲ ምኽንያት ንምንታይ ናይ ተቓውሞ መልሲ ብዝርዝር ተፅሓፈ አይኮነን:: አነ እውን ቅድም ክብል ብፅሑፍ መልክዕ ንዘቕረብኩዎም ሓሳባትን ሕቶታትን ግቡእ መልሲ ክዋሃበኒ፣ እንተተጋጌ ድማ አግባብ ዝሓዘ መረዳእታ ንክቐርበለይ ዝፅበዮ ዝነበርኩ ጉዳይ እዩ:: እቲ ዘሕዝነንን ዘግርምንን ግና እቲ ህልዊ ሽግር ዓቢ.ጦም፣ እቲ መዘራረቢ አጀንዳ ንጎኒ ደብሪዮም፣ አብቲ ፅሑፊይን አብ ባይታን ዘየለው ነገራት አልዒሎም ምስ ካልኦት ውልቃዊን ፖለቲካዊን ነገራት ብምትሓሓዝ እቲ አጀንዳ ንፀርፊ ብዝጥዕሞም መንገዲ ናብ ክጭበጥ ዘይኽእል ልበ ወለዳዊ ድራማ ቀይሮም ምቕራቦም እዩ::

በቲ ዝቐረበ መፀለምታ ፅሑፍ እውን አነ ጥራሕ ከይኮንኩስ ነቲ ትሕዝቶ ዘንበብኩም ኩሉኹም ሰማዕቲን ረኣይቲን እውን ካባይ ንላዕሊ ተገሪምኩም ከምትኾኑ ዘጠራጥር አይኮነን:: ናይ ምንባብ ዕድል ዘይረኸብኩም እንተሃሊኹም ድማ ድሕሪ መጋረጃ ናይቲ ፅሑፎም ዘሎ መሰረታዊ ሽግር እንታይ እዩ? ዝብል ሕቶ በቐሊሉ ንምርዳእ ስለዝጠቅም ደጋጊምኩም ንክተንብብዎ እላቦ::

ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዘግርምን ዘሕዝንን ድማ እቲ ተራ ፀርፎምን መፀለምታን ጥራሕ አይኮነን:: ናይ ህወሓት ማእኸላይ ኮሚቴን ናይ ኢትዮጵያ ፌዴራል ፓርላማ አባልን ዝኾኑ ብአይተ አባይ ነብሶ አፍልጦ ተቓኒዩ ዝተፅሓፈ መልሲ ኮይኑ እናሃለወ ግና ብናይቶም ንፍትሒን ንዲሞክራሲን ኢሎም ምእንተ ህዝቢ አካላቶም ዘወፈዩ፣ ሎሚ ግና ዝኣሊዮም አያ ሲኢኖም ሸከም ሀገርን ህዝቢን ኮይኖም አብ ከርተትን ልመናን ወዲቖም ዝርከቡ ዘለው ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ጎልባብ ተገይሩ ብስሞም ኮይኑ ምቕራቡ እዩ:: ወየ’ዳኣ!! እቲ ዕድል ተዓፅዩ እምበር! ይትረፍ’ዶ እቶም አካለ ጉድኣት ተጋደልቲስ ህዝቢ ትግራይ ብሙሉኡ እውን ናዓ “ናይ ልብኻ ተዛረብ” ተባሂሉ ነፃ መድረኽ እንተዝፍቀደሉ ነይሩ ብሓቂ ‘’መን መስዋእቲ ከፊሉ ከምዝመፀ? ሎሚ’’ኸ መን ብናይ መን ደም ይረብሕ አሎ” ንዝብል ሕቶ እንታይ ዓይነት መልሲ ክንረክብ ከምንኽእል ልቦናኹም ይመምዮ::

እዙይ ንምርዳእ ካሊእ ዝርዝር መብሪሂ ዘድሊዮ እውን አይኮነን:: እቲ ሎሚ አብ ዓድና ዘኒህ ዓይኑ ዘፍጠጠ *“ዝበነ ውራ ውራ ነብስኻ ኣይተዕብራ”* ዝብል ስርዓት ባዕሉ አፍ አውፂኡ ዝዛረብ ዘሎ እዩ:: አብቲ መልሲ ተዘርዚሮም ዘለው ነገራት እውን እንተኾኑ ናይቶም ሽግረኛታት ድምፂን ስቓይን ዝገልፁን ዝዉክሉን ከይኮኑስ ዝተለመዱ መሸፈኒ ሓቂ ተባሂሎም ዝተመረፁ ተራ ናይ ፕሮፓጋንዳ ቃላት ምኳኖም ናይቲ ፅሑፍ ጠቕላላ መንፈስ ባዕሉ ገላፃይ እዩ::

“ሓሶት እንትደጋገም ሓቂ ይመስል” ከምዝብሉዎ አብቲ ዝተውሃበ መልሲ ተፃሒፎም ዘለው ተራ መፀለምታትን ዘይኮነ መረዳእታታትን ኩሎም ሓደ ብሓደ እናልዓልካ ፀርፊ ብፀርፊ ምምላስ ማለት ጌጋ ብጌጋ ምምላስ ማለት ክኸውን ስለዝኽእል ናብ ዝርዝር ነገራት ክኣቱ አይደለኹን:: መንበባይን ሰማዓይን ዘስልቹ ሕማቕ ባህሊ እዩ ጥራሕ ከይኮነስ መምሃራይ እውን አይኸውንን:: ናይዚ ፅሑፈይ እዙይ ዕላማን ድሌትን እውን አይኮነን:: መን ሓቀኛ መን ድማ ሓሳዊ ከምዝኾነ ንቕድሚት ጊዜን ታሪኽን ዝፈርዶ እዩ:: ስለዝኾነ እቲ ካሊእ ንጎኒ ገዲፈ ግና ናይቲ ኩነታት ትኽክለኛ ገፅ ክርእዩ

ዝኸእሉ፡ ብፍላይ ድማ መንበብቲ በአግባቡ ክፈልጥዎም አለዎም ኢለ ብግልፂ ዝኣመንኩሎም አብ አገደስቲ ነጥቢታት ጥራሕ ብምትኳር በዚ ዝስዕብ ንምቕራብ ፈቲነ አለኹ።

## ጉዳይ አካለ ጉዱኣት ተጋደልቲ ዝምልከት ነቲ
## ሓቂ ንምሽፋን ዝቐረበ ፀርፈን መፀለምታ

እቲ ዝነበረ ሓቂ ሽፊኖም ዘይመልክዑ ንምሃብ ከም ዓቢ ጉልባብ ኢሎም ዘቕረብዎም ሰርካቲክ ዝኾኑ መፀለምታታት ውሽጢ *"አብ አሜሪካ ዝተገብረ ናይ አስተዋፀኦ መድረኽ እውን ዝገበርካዮ ተሳትፎ ቀደሙ እውን ቅንዕና አይነበሮን። እቲ ናይ አካለ ጉድኣት ማሕበር ሓገዝን ተቐባልነትን ምርካቡ ማዓንጣ ከብድኻ ተሓሪድካ ኢኻ። እቲ መድረኽ ከይፅወት ፅንቅፋት ዝፈጥሩ ዝነበሩ ሰባት እውን አያታትካ እዮም። ነቲ መድረኽ እውን ናብ ናይ ባዕልኻ ረብሓ ክትጨውዮ ኢልካ ነይርካ ኢኻ"....ዝብል እዩ።*

አነ አብ ዓዲ ይኹን አብ ወፃኢ አብ ዘሕለፍኩዎ ሂይወት ካብ ዕሸል ንእስነተይ ጀሚረ ካብናይ ውድባዊን ህዝባዊን ምንቅስቓሳት ዝተፈለኹሉ ጊዜ የለን። አብ ሕቑፊ ህዝብን ውድብን ኮይነ ግቡአይ እናፈፀምኩ ዝዓበኹ ሰብ እየ። አብ ሂይወተይ ናይ ሰብ ፀላኢ ዝባሃል እውን የብለይን። ንቕድሚት እውን ናይ ሓሳብ አፈላላይ እምበር ናይ ሰብ ፀላኢ ዝባሃል ክህልወኒ ኢለ አይኣምንን። ነፃ ሕሊና ሒዝካ ብነፃ ምክታዕ ዝብል ብቓልሰይ ዘጥረኹዎ ሀብቲ አለኒ ኢለ ይኣምን እየ። ነፃ ሕሊና ምሕላው ድማ ናይ ደቂ ሰባት ናይ ተፈጥሮ ስብእና መለክዒ እዩ ዝብል ውሽጣዊ እምነት አለኒ። ካብዙይ ብምብጋስ እውን አብ ማንም እዋን ናይ ህዝበይን ሀገረይን ጉዳይ ወገን ከይፈለኹ ብዘይ ፍርሒን ስግዓትን እካታዕ እየ። ተኻቲዐ ድማ አብ ዝኣምነሉ ይኣምን፣ አብ ዘይኣምነሉ ጉዳይ ድማ አፈላላየይ ሒዘ ናይ ካልኦት አፈላላይ እውን አኽቢረ ብሰላም ክነብር ዝደሊ ሰብ እየ።

ብህወሓት እናተመርሐ አብ ዝተኻየደ ናይ ህዝቢ ትግራይ መሪር ቃልሲ እውን ሙሉእ ቤተ ሰበይ ዝተፈናቐሉሉ፣ ከምኒ ፀሃየ መስፍን፡ ሚከኤል መስፍንን ሐየሎምን ዝበሉ ዝፈትዎም አያታተይ አሕዋት ኩላትናን ዝኾኑ ብዓሰርተታት አሻሓት ዝቁፀሩ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ዝወደቑሉን ዝቖሰሉሉን ቃልሲ ምኚኑ እሙን እዩ። አነ እውን ሕሉፍ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ታሪኽይን ቃልሰይን እዩ ኢለ ስለዝኣምን ሕዚ ዘለኒ አረኣያን እምነትን ብዘየግድስ ታሪኽ ህዝቢ አብ ምዕቃብ፣ አካለ ጉዱኣት ጀጋኑ ተጋደልትና አብ ምሕብሓብ፣ ከምኡ'ዉን አብ ሀገርና ናይ ሕጊ ልዕልና ንክረጋገፅ፣ ሰብኣዊን ዲሞክራሲያዊን መሰላት ህዝቢ ንክኸበሩ፣ ድኽነት ጠፊኡ ልምዓትን ዕብየትን ንክረጋገፅ ናይ ውሑዳት ሰባት ጉዳይ ከይከነስ ወገን ህዝቢ ዝኾነ ኩሉ ኢዱ ክሓዉሰሉ ዝግባእ ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፊነትን መሰልን እዩ ዝብል ፅኑዕ እምነት ሒዘ ዕድመይ ሙሉእ ብፅሑፍ ጥራሕ ከይኮነስ ብተግባር እውን እናተንቀሳቐስኩሉ ዝፀናሕኹ ሰብ እየ። ታሪኽይ'ውን እዙይ እዩ ዝገልፅ።

ካብዚ እምነት እዙይ ብምብጋስ እውን አባይ ነብሶን ኩሎም ንበይዛ ህዝቢ ኢሎም አብ ቃልሲ አካሎም ንዝጎደሉ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ተጋደልቲና ክንርሰዖም የብልናን፣ በማተሪያል ይኹን በገንዘብ እግሪ ክነትክሎምን ብአግባቡ ክንሕብሕቦምን አለና ዝብል ሓሊየትን ተገዳስነትን መሰረት ገይረ አብ ከባቢና አብ ዝተገበረ ተደጋጋሚ ዙር ናይ አስተዋፀኦ መደባት ዕውት ንክኸውን ግንባር ቀደም ኮይኖም ገንዘብ አብ ምውፋይ ይኹን ሰባት አብ ምትሕብባር ብሙሉእ ዓቕሞም ይንቀሳቐሱ ካብዝነበሩ ተጋሩ ሓደ ብምኚን ሕጉስ ኮይነ ተሳቲፈ እየ። ከባቢየይ እውን በዙይ እዩ ዝምዝነኒ።

አይተ አባይ ነብሶ ዝመርሕዎ ጉጅለ አብ ሰሜን አሜሪካ ንከተማ ቦስቶን አብ ዝመፅሉ እዋን እውን እቲ አስተዋፀኦ ንምትሕብባር አብ ዝተመረፀት ኮሚቴ አባል ኮይነ ተመሪፀ ስለዝነበርኩ ካብ ዓለም ለኸ መዕርፎ ነፈርቲ ቦስቶን ብአካል ባዕለይ ከይደ ተቐቢለ መዕረፊኦም ዝኸውን ሆቴል ባዕለይ

ብናሃተይ ስም ሒዘ ኣብ መዕረፊኡም ወሲደ ብኽብሪ ኣተኣናጊደ እየ:: በቲ ኣጋጣሚ እቱይ እውን ምስኒ ኣባይ ነብሶ ክንፋለጥን ብዛዕባ ዓዲ ድማ ሓደ ሓደ ጉዳያት ክንመያየጥን ኣብ ብዙሓት ነጥቢታት ክንራዳዳእን እውን ዕድል ፈጢሩልና ነይሩ እዩ::

በቲ ዝተረዳዳእናዮ መሰረት እቲ ናይ ቦስቶን ናይ ኣስተዋፅኦ መድረኽ እውን ድሕሪ መግለፂ ኣይተ ኣባይ፣ ምርኢት ቪድዮን ሓፂር መግለፂ ናይቲ ኮሚቴ ኣቦ ወንበርን ቀፂሉ ዝነበረ ናይ ገንዘብ ኣስተዋፅኦ ፕሮግራም ክሳብ ዝዕፆ ኣነ እየ ዝመርሖ ነይረ:: ነቲ ክርከብ ዝተደለየ ገንዘብ ኣብ ምትእኽኻብ እውን ንባዕለይ ኣብነት ገይረ $500.00 ዶላር ብጥረ ገንዘብ ከፊለ እየ:: ኣብቲ ኣነ ዝመራሕኹዎ ናይ ኣስተዋፅኦ መድረኽ እውን ልዕሊ $33,000.00 ብጥረ ገንዘብ ኣታዊ ኮይኑ፣ ልዕሊ $17,000.00 ድማ ብመፅባዓ ብድምር ልዕሊ $50,000.00 ናይ ኣሜሪካ ዶላር ተረኺቡ እዩ:: ኣብቲ እዋን እቱይ ናይ ክብሪ ኣጋይሽ ኮይኖም ነቲ ንጡፍ ናይ መድረኽ ምንቅስቓስን ዕውት ኣስተዋፅኦን ይዕዘቡ ካብ ዝነበሩ ኣይተ ኣባይ ነብሶን ኣምባሳዳር ፍሰሃ ኣስገዶምን እውን ብጣዕሚ ከምዝተሓጎሱ፣ ከምዚ ዝበለ ምውቕ ምንቅስቓስን ተሳትፎን ቀዳማይ ከምዝኾነ ብምርግጋፅ “ይበል ስራሕ” ኢሎም ተዛሪቦሙኒ ነይሮም:: ብፍላይ ኣምባሳደር ፍሰሃ ኣሰገዶም ብኣኻ ኮሪዕና ዝበልሉ መድረኽ ከምዝነበረ ዝዝከር እዩ:: እዚ ድማ ናይ በይነይ ከይኮነስ ኩላትና ብቕንዕናን ሰናይ ድሌትን ዝተዋሃሃደ ምንቅስቓስን ሰለዝገበርና ጥራሕ ዝተረኽበ ዓወት ስለዝነበረ ብወገነይ እውን ኮሪዐሉን ተሓቢነሉን እየ ኢለ እውን መልሲ ሂበዮም ከምዝነበርኩ እዝከር እዩ:: እዚ ከብለኒ ዝኸኣለ ቀንዲ ምኽንያት እቲ ዝተባህለ መፀለምታ ንምስትኽኻል ዝኣክል ደኣምበር ክፍለጠለይ ደልየ ኣይኾንኩን::

ድሕሪ እዙ ኹሉ ነገራት ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብናይ ውልቀ ስረሐይ ካብ ሰሜን ኣመሪካ ናብ ዓዲ ክብገስ እንከለኹ ንኣካለ ጉዳኣት ተጋደልቲ ትግራይ ኣዘራሪበ ፅሑፍ ከውፅእ እየ ዝብል ሓሳብ ኣብ ኣእምሮይ ሒዘ ኣይከድኩን:: ናብ ዓዲ ምስ ከድኩ ግና ኣብ ትግራይ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣብ ምንቅስቓስ ዝነበርኩሉ እዋን እግረ መንገደይ ብኣካል ዝራእኹዎም ዓይኒ ዘፍጠጡ ሽግራት መሰረት ገይረ ክእረሙ ኣለዎም ኢለ ዝኣመንኩሎም ፀገማት ብመረዳእታ ዝተደገፈ ፅሑፍ ከውፅእ ተገዲደ እየ:: ናይ ፅሑፈይ መበገሲ እውን ነቲ ናይ ኣካለ ጉዱኣት ሽግር መፍትሒ ንክረክብን ትኹረት ንክዋሃቦን እምበር ኮነ ኢልካ ውድብ ወይ መራሕቲ ንምቅላዕ ወይ ድማ ውልቀ ፂሊኢት ሒዝካ ንምጥቃዕ እውን ኣይነበረን:: በዚ መንፅር ኣብቲ ቅድም ክብል ዝፃሓፍኩዎ ፅሑፍ ካብ ዝተጠቐሱ ሽግራት ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ነጥቢታት ደጊምካ ምርኣይ ይካኣል እዩ::

1. በብጊዚኡ ብስም እቶም ኣካለ ጉዳኣት ተጋደልቲ ሽግሮም ንምፍታሕ ተባሂሉ ካብ ህዝቢ ብወፈያ መልክዕ ዝእከብ ገንዘብን ክስራሕ እዩ እናተብሃለ ብመራሕቲ ዝተኣተወ ቃልን ኣብ ዓዲ ኣቲኻ ዘሎ ሓቂን ሰማይን መሬትን እዩ:: ብሓቂ ነቲ ዘሎ ሽግር ብዕምቆት ተረዲእኻ ገንዘብ፣ ማተሪያልን ጉልበትን ኣዋፂድካ ብምንቅስቓስ ናይቶም ዉጉኣት ተጋደልቲ ሂይወት ንምልዋጥ ዝተገበረ ምንቅስቓስ ድኹም ጥራሕ ከይኮነስ ዋና ከምዘይብሎም እውን እዩ ዘርእየካ:: ስለዚ ዝምልከቶ ኣካል ቆላሕታ ክገብረሎም ከምዝግቦኦ ዝሕብር እዩ::

2. ንውጉኣት ተጋደልቲ ከመላልሳ ተባሂለን ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ብዝነብር ትግራዋይ ናይ ገንዘብ ኣስተዋፅኦ ዝተዓደጋ ኣውቶቡሳት እውን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ንኣካለ ጉዱኣት ተጋደልቲ ከይኮና ዘግልግላ ዘለዋስ ንካሊእ ዋኒን ይዉዕላ ከምዘለዋ እየ ተገንዚበ::

3. እቲ ንውጉኣት ተጋደልቲ ክጥውር ተባሂሉ ዝቖመ መፍረይ ትካል ብዝተፈላለየ ምኽንያት ናብ ትእምት ክዛወር እዩ ተባሂሉ ስለዝነበረ፣ በዚ ምኽንያት ድማ ኣብቶም ኣካለ ጉዳኣት ናይ ተስፋ ምቑራፅን ምብራርን ስጉምቲ ከምዝተወሰደ ይሕብር:: እዙይ እውን ብወገን መራሕቲ ኣይተባረሩን ተነኪዮም እምበር ይብሉ:: ኣነ ድማ ተባሪሮም እብል:: እቲ ኣፈላላይ “ተባሪሮም”

ኣይኮነን "ተነኪዮም" እዮም ኣብ ዝብል ናይ ቃላት ፍልልይ እምበር ዝተፈናቐሉ ውጉኣት ክምዘለው እሙን እዩ::

4. ኣነ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኣብ ፅርጊያ ክርተት ዝብሉ ብዙሓት ኣካለ ጉዱኣት ረኺበ ብኣካል ኣዘራሪበ እየ እብል:: ብወገኖም ድማ ክልተ ውጉኣት ጥራሕ ረኺብካ ምዝርራብ እኹል ኣይኮነን ይብሉ:: ኣብዚ እውን ናይ በዚሒ ኣፈላላይ እምበር ዝተፈናቐሉ ክምዘለው እሙን እዩ::

5. ኣነ ነዚ ጉዳይ ብቐጥታ ዝምልከቶም መራሕቲ ብተደጋጋሚ ንምዝራብ ፈቲነ ገይረ ኣብ ኣኼባ ስለዝተፀመዱ ኣብ እዋኑ ንምርካብ ዕድል ኣይረኸብኩን እብል:: ንሶም ድማ ናይ ሓደ ወገን ጥራሕ ሰሚዕኻ ፅሑፍ ምውፃእ ግቡእ ኣይኮነን ይብሉ:: ሓቁ ግና ናይ ዋልታ ኢንዱስትሪ ኣማሓዳሪ ዝኾኑ ኣይተ ገብረዋህድ ሰለስተ ግዜ ናብ ቢረኦም ተመላሊሰ ሓቲተ እየ:: ዝተውሃበኒ መልሲ ድማ ኣብ ኣኼባ እየ ዝብል እዩ ነይሩ:: ብወገነይ ድማ እቲ ሽግር ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ውልቀ ጠርነፍቲ እውን ኣፀቢቖም ዝፈልጡዎ፣ ንገሊኦም እውን ፍታሕ ንምሃብ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ዝኾኖም ሱር ሰዲዱ ዝፀንሐ ኣጠቓላሊ ናይቲ ውድብን መንግስትን ናይ ፖሊሲ ሽግር ምዃኑ ስለዝተገንዘብኩ ህዝቢን መንግስትን ፈሊጥዎ ንመሰረታዊ ሽግር መሰረታዊ መፍትሒ ክድለየሉ ይግባእ ዝብል እዩ:: ይኹን እምበር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብፈረንጂ ኣቆፃፅራ ካብ ዕለት 15 ሓምለ ክሳብ ነሓሰ 2, 2008ዓ.ም ኣብ ዝነበረኒ ግዜ ምስ ኣይተ ኣባይ ነብሶ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ንምዝርራብ ፈተነ ገይረ ነይረ እየ:: ኣብቲ እዋን ኣይተ ኣባይ ነብሶ እቲ ሕዚ መዘራረቢ ኮይኑ ዘነሀ ናይ ፕረስ ሕጊ ኣብ ምርቃቕን ኣብ ቴለቭዥናት ኣብ ምክታዕ ዝነበሩሉ ኩነታት እዩ ነይሩ:: ዝተውሃበኒ መልሲ እውን ብጣዕሚ ስራሕ በዚሕዎም እዩ ዘሎ ዝብል እዩ ነይሩ:: በዚ ምኽንያት ነቲ ጉዳይ ብቐጥታ ዝምልከቶም ኣካላት ተራኺብካ ንምዝታይ ኣይተኻእለን:: ናይቲ ፅሑፎም ኣቀራርባን ትሕዝቶን እውን እንትምዘን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኣቃሊዕኻና ዝብል ናይ ቁጠዐን ምንዳድን መንፈስ ዘበገሶ ምዃኑ እውን ክርዳእ ኪኢሉ እየ::

እወ! እዙይ ብምዕሓፈይ እውን ዝተውሃበኒ ተራ ፀርፊን መፀለምታን ዝሓዘ መልሲ ምስ ራኣኹ ኣሕዚኑኒ ጥራሕ ከይኮነስ ሓደ ነገር እውን እዩ ኣዘኻኺሩኒ:: ኣብ ትግራይ እቲ ሕብረተ ሰብ ምስናይ ኣካለ ጉዱኣት ይኹን ምስ ናይ ባዕሉ ፀገማት ኣተሓሒዙ ከም ናይ መረረቱ መግለፂ ገይሩ ካብ ዝዛረቦም ኣባሃህላታት ውሽጢ *"መራሕቲና ንቐቅሞም እንተድሊዩኻ የሙጉሱኻ! እንትፀልኡኻ ድማ ከም ሎሚን ፀሚቖም ይድብርዩኻ"* ዝብል እዩ:: እዙ ኣበሃህላ እዙይ'ውን ብትኽክል ነቲ ጉዳይ ዝገልፅ ጎዳኢ ቁስሊ ኮይኑ እየ ረኺበዮ:: ከምቲ ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ዝገለፅኩዎ ትማሊ ናይ ኣካለ ጉዱኣት ሽግር ንምፍታሕ ኣብ ዝተገበረ ናይ ወፈያ መደብ ፅቡቕ ኣስተዋፅኦ ገይርካ ተባሂለ"ብኣኻ ኮሪዕና! ይበል ምንቅስቓስ! ብቐዳማይ ዝረአ ፅቡቕ ኣብነት እዩ" እናበሉ ዘሙጉሱኒ ዝነበሩ መራሕቲ ሎሚ ተገልቢጦም ብድንገት ናብ ፀርፊን መፀለምታን ተቐይሮም እንትረአ ካብቲ ኣባሃህላ እቱይ ሓሊፉ ካሊእ ትርጉም ክዋሃቦ ኣይኽእልን::

እሞ'ዳኣ! ኣነ ዝፃሓፍኩ ብዛዕባ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ናይ ኣካለ ጉዳኣት ጉዳይ፣ ንሶም ዝዛረቡ ዘለው ግና ብዛዕባ ናይ ኣሜሪካ ናይ ይኩኖ ኩነታት:: ኣነ ዝፃሓፍኩ ብዛዕባ ናይ ኣካለ ጉዳኣት ሽግር፣ ንሶም ዝዛረቡ ዘለው ግና ብዛዕባ ቅንጅት:: ኣነ ዝፃሓፍኩ ጉዳይ ኣካለ ጉዱኣት ይፈታሕ ይዋሃቦ ዝብል እዩ፣ ንሶም ዝዛረቡ ዘለው ግና ብዛዕባ ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማሪያም:: እዙይ'ዳኣ ከመይ ኢሉ ይተሓሓዝ? ኣይ! ኣይፋሉን! እዙይ'ማ "ክበልዑዋ'ያ ዝደለዩ ኣባ ጉምባሕስ! ቆቓሕ'ዶ ዛግራ ይብልዋ" ዝባሃል'ዶ ኣይኮነን?

**እቲ ዘሎ ሓቂ ንምሽፋን ብልምዓት ስም ምስ ትእምት
ተታሓሒዙ ዝቐረበ መፀለምታን ጉጉይ ሓበሬታን**

ምስ ትእምት (ትካል እግሪ ምትካል ትግራይ) አተሓሒዞም "ትእምት ዝባሃል ናይ ልምዓት ትካል ትቃወም ኢኻ" ብዝብል ከም ፀረ ልምዓት ትግራይ ዝቆፀር አገላልፃ አቕሪቦም:: እዙይ ጥራሕ ከይኮነስ ናይ ህዝቢ ቀልቢ ንምቕያር ይጠቕሙ እዩም ዝብሉዎም ካልኦት ተኻሳሐቲ ነጥቢታት እውን እናመረፁ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ አብቲ ፅሕፎም ንምግላፅ ፈቲኖም እዮም::

አብ ሀገርና ብፍላይ ድማ ንዓመታት አብ ትሕቲ ኩይናትን ወራራትን ዝፀንሐ ህዝቢ ትግራይ ቁስሉ ክሓዊ፣ ክለምዕ፣ ናይ ልምዓትን ምዕባለን ተጠቃማይ ኮይኑ ካብ ድኽነት፣ ሕማም፣ ድንቁርና፣ ጥምየትን ክፋእን ተናጊፉ ከም ህዝቢ መጠን ንክይነብር ድላዩ ዓይነት እምነትን አረኣያን ይሃሉዎ ንህዝቡን ንህገሩን ጥፍኣት ዝምነ ትግራዋይ አሎ ዝብል እምነት የብለይን:: ዜጋታት ብቅንዕና ተበጊሶም ህዝቢን መንግስቲን፣ ፓለቲካዊ ውድብን ህዝቢን፣ ውልቀ መራሕቲን ህዝቢን፣ ናይ ፓሊሲ ሕቶን ናይ ውልቀ ሰብ ጉዳይን፣ ሕጋዊ ሕቶን ናይ ህዝቢ መሰልን፣ ናይ ህዝቢ አጀንዳን ናይ መንግስቲ አጀንዳን ነፂሮም ንዘልዕሉዎም ሕቶታትን ተቓውሞታትን ነቲ ጉዳይ ብቕንዕና ሪኢኻ ዜግነታዊን ዲሞክራሲያዊን መሰሎም ምዃኑ እውን ተረዲእኻ አግባብ ዘለዎ መልሲ ምሃብ ካብ ሓላፊነት ዝስምዖም መራሕቲ እትፅበዪ ጉዳይ እዩ ነይሩ:: ይኹን'ምበር እቲ አብ ሀገርና ዘኒሀ ንዓመታት ሱር ሰዲዱ ዝፀንሐ ድሑር ፓለቲካዊ ባህሊ ዝፈቅድ አይኮነን:: ስልጣን፣ ሞኖፓላዊ አገዛዛኣን ፍቅረ ንዋይን ናይ ሰብ ስልጣናት ደመ ነብሲ አብ ዝኾነሉ ጊዜ ንዓዱምን ንህዝቦምን ቅንዕና ዝሓስቡ ሓቀኛ መራሕቲ ክርከብ እዩ ኢልካ ምሕሳብ አይካኣልን::

ናይ ዜጋታት ሰብኣዊን ዲሞክራሲያዊ መሰላት አብዘይተረጋገፀሉ መራሕቲ ልዕሊ ሕጊን ልዕሊ ህዝቢን ኮይኖም "ከራስ በላይ ነፋስ" አብ ዝብሉ ሀገር ጌጋኹም አርሙ ኢልካ ደፊርካ ምቅዋምን ምፅሓፍን ደፊርካ ድኽመታት አለኩም'ሞ ተኣረሙ ምባልን ሳዕቢየኑ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል አብ ላዕሊ ብዝርዝር ዝራኣናዮ እዩ:: "ካባና ወፃኢ ብዛዕባ ሀገርን ህዝቢን ምሕሳብ መን አልመደካ? ንሕና ዘይፈቐድናልካ ምፅሓፍን ምቅዋምን መን በለካ?" ብምባል ከም ህፃን ቆልዓ "አፍካ ሓዝ" እናተብሃልካ ምኹርኳምን ስምካ ምጥፋእን እዩ ዘለካ ዕድል:: እዙይ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት እውን ኮነ ተባሂሉ ነፃ አተሓሳስባ፣ ዓርሰ እምነት፣ ሞያዊ ስነ ምግባርን ክእለትን፣ ሀገራዊ ፍቕሪን ህዝባዊ አሜኔታን ዘለዎም፣ ደፊሮም ንመሰሎም ዝጣበቑ ብቑዓት ዜጋታት ክፈርዩ ስለዘይድለ እዩ:: ብአንፃሩ ክፈርዩ ዝደሊዩዎም ዓይነት ሰባት ብኣምሳሎም ዝተቐረፁ፣ ብናታቶም ፕሮፓጋንዳ ዝደንዘዙ፣ ዘረበኦም ዝደግሙ፣ ንመራሕቶም ከም መልኣክ ዘምልኹ፣ ዝሃብዎም በሊዖም፣ አሜን ኢሎም፣ ሰጥ ለበጥ ኢሎም ንዘላዓለማዊ ስልጣኖም ዘግልግሉ ዜጋታት እዮም ዝደልዩ::

አብ ትእምት ዝረአ ዘሎ ኩነታት እውን እቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ሽግር ዝወለዶ እዩ:: አነ ፀረ ትእምት ወይ ፀረ ልምዓት ህዝቢ ትግራይ ከምዘይኮንኩ አፀቢቖም ይፈልጡ እዮም:: ግና ንምንታይ ደፊርካና ካብ ዝብል መንፈስ ተላዒሎም ምስ ካሊእ ሓይሊ አጣቢቖም ስመይ ከጥፉኡኒ ስለዝደለዩ ጥራሕ እዩ:: ልምዓት ህዝቢ ትግራይ ንክረጋገፅ ዝተቓለስኩሉ ዕላማ እዩ ጥራሕ ከይኮነስ ብተግባር እውን አብ ህንፀት ሀገር አነ እውን ኢደይ ክሓውስ አለኒ ካብ ዝብል ፅኑዕ እምነት ቅድም ክብል አብ ማተሰኣ ካብ አባል ክሳብ ላዕለዋይ አመራራሓ እቲ ማሕበር ኮይነ ዳሓር እውን ጎኒ ጎኒ አብ ከባቢና ጨንፈር ማሕበር ልምዓት ትግራይ ብምጥያሽ አባል ኮይነ ብአቦ ወንበርነት እጃመይ እናወፈኹ ፀኒሐ እየ:: ምስ ልምዓት ተታሓሒዞም በብእዋኑ ናብ ከባቢና ይላኣኹ አብ ዝነበሩ ፕሮጀክትታት እውን ብንጥፈት ብምስታፍ ሰሪሐ እየ::

ሕዚ እውን እንትኾነ ትእምት ይሃሉ'ዶ አይሃሉ? አይኮነን እቲ መካትዒ ነጥቢ:: ወይ ድማ አብ ትሕቲ ትእምት ቆይመን ዘለዋ ናይ ልምዓት ትካላት ንዓዲ ክጠቕማ ይኽእላ'ዶ አይኽእላን? አይኮነን እቲ ሕቶይ:: አብተን ትካላት ዝሰርሑ ዘለው ውልቀ ሰራሕተኛታት እንመን እዩም? ደቂ አበይ ዓዲ እዮም? እውን አይኮነን እቲ ሕቶይ:: እዙይ ተክኒካዊ ሕቶ ስለዝኾነ ተክኒካዊ መልሲ ዘድሊዮ እዩ ዝመስለኒ::
ናተይ ሕቶ "መንግስቲን ውድብን ብስም ትካላት አብ ዘይጉዳዮም እናኣተዉ ናይ ህዝቢ ጉልበትን ናይ ዓዲ ሀፍቲን የምክኑን የባኽኑን አለዉ" ዝብል ናይ ልምዓት ፓሊሲ ሕቶ እዩ እምበር ምስ ውልቀ ሰራሕተኛታት ምንም ዘራኽብ የብሉን:: ቀንዲ ሕቶታተይ ድማ ከም ትእምት ዝበሉ ብናይ ፓለቲካ ውዳበታት ዝምርሑ ናይ ንግዲ ትካላት አብናይ ሓደ ዓዲ ኢኮኖሚያዊ ህንፀት ቦተኦምን

ተረኦምን እንታይ'ዩ? ትእምት ወናኒኡ መን'ዩ? መን'ከ ይረብሓሉ ኣሎ? መን'ከ ይመርሖ ኣሎ? ብናይ መን ጥቕሚን ድሌትን'ከ ይምራሕ ኣሎ? ናይ ቅድሚት ዕድሉ'ኸ እንታይ'ዩ? ትእምትን ናይ ህዝቢ ትግራይ ልምዓትን ብኸመይ ይዛመዱ? ህዝቢ ንትእምት ብኸመይ ይሪኦ? መን'ከ ይቆፃፀሮ (መን ኦዲት ይገብሮ) ኣሎ? ዘላቒ ልምዓትን ዕብየትን ክመፅእ ዝኽእል ኣብ ከመይ ዝበለ ባይታን ኩነታትን እዩ? ኣብ ሓደ ዓዲ ናይ ልምዓት ሞተር ዝባሃሉ እንመን እዮም? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት እዮም:: እቲ መልሲን መካቲዒን እውን ኣብዞም ጉዳያት እዚኣቶም እዩ ክኾን ዝነበሮ::

በዚ መንፅር እዙይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ናይ ትእምት ጭቡጥ ተግባርን ምንቅስቓስን እንትረአ ንናይ ህዝቢ ትግራይ ህንፀትን ልምዓትን ደጋፊ ፅላል ከይኮነስ ንናይ እንኮ ፓለቲካዊ ውዳበ መሳሪሒ ኮይኑ እዩ ዘግልግል ዘሎ:: ኣመሰራርትኡን ጉዕዙኡን እውን ጨና ናይ ህዝቢ ቁፅፅርን ኢኮኒሚያዊ ጠቐሜታን የብሉን:: ኣመራርሕኡ ድማ ብናይ ህዝቢ ድሌትን ቀፃሊ ዕብየትን መሰረት ገይሩ ዝኸይድ ከይኮነስ ምስ ናይ ሓደ ውድብ ህልውና ተጣሚሩ ዝኸይድ ኣካል ናይ ፓለቲካዊ መስርሕ እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ:: ውፂኢቱ እውን ከምቲ ዝረአ ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ከይኮነ ዝረብሓሉ ዘሎስ ውሱናት መራሕቲ ዝለምዕሉን ሀብቲ ዝድልቡሉን ኮይኑ እዩ ዝርከብ ዘሎ:: ካሊእስ ይትረፍ ሓንቲ ናይ ልምዓት ማሕበር ክመርሕ ዝኽእል ዜጋ ከምዝተስኣነ ብህዝቢ ዝቖመት ማሕበር ልምዓት ትግራይ'ኳ ካብ ህዝቢ ኣፍ ነጢቖም ብናይ ህወሓት ኣባል ማእከላይ ኮሚቴ ብኣምባሳደር ተወልደ ዓጋመ ክትምራሕ ተገይራ'ያ:: ኣምባሳደር ተወልደ ከም ሓደ ዜጋ ናይ ምምራሕ ብቕዓትን መሰልን የብሎምን ማለት ከይኮነስ ኮነ ተባሂሉ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንሓደ ዉድብ ናብ ናይ ፓለቲካ መሳሪሒነት ተቐይራ ንክተግልግል ስለዝተገበረት ጥራሕ እዩ::
ስለዚ ከም ትእምት ዝበለ ብፓለቲከኛታትን ብናይ መንግስቲ ሰብ ስልጣናትን ዝምራሕ ዘሎ ናይ ንግዲ ትካል ብሓቂ ብተግባር ንህዝቢ ከግልግል እንተኾይኑ ካብ ኢድ ውሑዳት መራሕቲ ወፂኡ ኣብናይ ህዝቢ ቁፅፅርን ረብሓን ክውዕል ዝግባእ እዩ:: ብካሊእ ኣዘራርባ ኣብ ልምዓት ኩሉ ነገር ከይተሓዋወሰ መንግስቲ ከም መንግስቲ ህዝቢ ድማ ከም ህዝቢ ኮይኖም ነናይ ባዕሎም ባህርይ ሒዞም ክሰርሑ ኣለዎም ማለተይ እዩ:: ብጭቡጥ ትእምት ኣካል ናይ ህዝቢ ልምዓት ኮይኑ ክቕፅል እንተኾይኑ መንግስቲ ወይ ውድብ ካብናይ ህዝባዊ ትካላት ኢዶም ከልዕሉ ኣለዎም:: ደርጊ ጨውን በርበሬን ከይተረፈ ንምቁፅፃር ናይ ህዝቢ ጉልበትን ኣእምሮን ኣምኪኑ እታ ሀገር ኣብ ምንታይ ኩነታት ኣብፂሕዋ ከምዝነበረ ኩላትና እንፈልጦ ነገር እዩ::

ሎሚ እውን እንትኾነ "ነፃ ዕዳጋ ዝመርሖ ሓፋሽ ማእኸል ዝገበረ ልምዓት/ለውጢ" ኣሎ ይባሃል እምበር ብተግባር እንትረአ ግና ቁልፊ ስልጣንን ቀንዲ ናይ ልምዓት መሓውርን ኣብ ትሕቲ ውሑዳት መለኽቲ ስለዝኣተወ ህዝቢን መንግስቲን ብናይ መሰረታዊ ረብሓን ናይ ጥቕሚ ጎንፂን (Conflict of interest) ተፋጢጦም በላዕቲን ራኣይቲን ኮይኖም ዝነብሩሉ ዘለው ጊዜ እዩ:: ብኻሊእ ኣዘራርባ ከምቲ ንሶም ዝብሉዎ ኣብ ባይታ ዘየለ "ህፁፅ ምዕባለ" ዝረኣየሉ ከይኮነስ ህዝቢ ኣብ ዝኸፍአ ጥምየት ዝወደቐሉ፣ መራሕቲ ግና ነናብ ጥቕሞም ዝጓየይሉ፣ ኣድልዎ፣ ጉቦ፣ ግዕዝይና (corruption)፣ ወዘተ ዝገነነሉ፣ ብንግዲ ስም ተወዲብካን ተጎጅልካን ከምኡ'ውን ስልጣንካ ሕጋዊ ልባስ ተጠቒምካ ሃፍቲ ምድላብ ማዓልታዊ ናይ ሰብ ስልጣናት ስራሕ ዝኾኑሉ ጊዜ እዩ ዘሎ:: ስለዝኾነ ድማ እቲ ልምዓትን ለውጢን ኣብ ህዝቢ ከይኮነስ ኣብ ላዕሊ እዩ ተደሊቡን ደሚቑን ዝረአ ዘሎ::
ኣጠቓሊልካ እንትረአ ኣብዚ ሎሚ እዋን ትእምት ጥራሕ ኣይኮነን ናይ ፓለቲካ መሳሪሒን ስልጣን መናዊሒን ኮይኑ ብቐፃልነት ከግልግል ዝድለ ዘሎ:: ኩሉ ነገር ንኣብዮታዊ ዲሞክራሲ መረጋገፂ ክውዕል ኣለዎ ካብ ዝብል ፓሊሲ ብምብጋስ ኣብ ኩሉ መዳያት ማለት ብኢኮኖሚ ካብ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጀሚሩ ክሳብ ትእምት፣ ብማሕበራዊ ካብ ተራ ዕቁብ ጀሚሩ ክሳብ ዝላዓሉ ህዝባዊን ሞያዊን ማሕበራት፣ ብፓለቲካ ካብ ቀበሌ ጀሚሩ ክሳብ ፌዴራል ፓርላማ፣ ብትምህርቲ ካብ ተራ ተምሃራይ ጀሚሩ ክሳብ ርእሰ መምህር፣ ብሃይማኖት ካብ ሰንቤቴ ማሕበር ጀሚሩ ክሳብ ርእሰ ኣደባራት፣ ወዘተ ዘሎ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን መሓውራትን ዓውደ ምንቅስቓሳትን ኩሉ በብደረጅኡ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሮም ብምእታው እቲ ሕብረተ ሰብ መፈናፈኒ ሲኢኑ ይርከብ:: ሳዕቢየኑ ድማ ኣብቲ ህዝቢ ኢኮኖሚያዊን ስነ ኣእምራዊን ቅልውላ ዝፈጠር ጊዚያዊ ሽግር ገይርካ ዝረአ ከይኮነስ ዉዒሉ ሓዲሩ ጥዕና ዘለዎ ሕብረተ ሰብን ልምዓትን ከይህነፅ ዝገብር ልክዕ ከም ሕማም ለበዳ *ወለዶ በካሊ (ትውልዲ ገዳይ)* ፖሊሲ ምኳኑ እዩ::

## እቲ ዘሎ ሓቂ ንምሽፋን ምስ ካልኦት ናይ ፓለቲካ

## ሓይሊታትን  ዉልቀ ሰባትን ተዛሚዱ ዝቐረበ መፀለምታ

*“ዝረባኻን ዘረባ ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማራያምን ሓደ ኮይኑ:: ልምዓት ከይሳለጥ ዝቃወሙ ኢያታትካ እዮም:: መበገሲ'ኻ ፅላኣትን ፓለቲካን እዩ:: ንጎይተትካ ከተሕጉስ ኢልካ ኢ'ኻ እዙ ኹሉ ፅሑፍ ዝፃሓፍካዮ::“ትሕዝቶ ኣይተ ይኩኖ በለካ ለኽዓካ ዝበዝሐ፣ ሓላፍነት ዝጎደሎ፣ ሚዛናውነት ዘይብሉን ኣብ ርእሲ ምኳኑ ዘለካ ፅልኣት ንምንፅብራቕ ዝፈተነ እዩ”*……ይብል::

እዙይ ዓይነት ተራ ፀርፊ ይትረፍ'ዶ ትማሊ ኣብ ጎን'ኻ ኮይኑ ዝንቀሳቐስን እጃሙ ዘውፈን ዝነበረ ተቓላሳይ ሰብስ ንሓደ ወንጀለኛ'ውን እንተኾነ ስ'ቕ ኢልካ ኣፍካ ዘምፃኣልካ እትህቦ ስም ኣይኮነን:: ከምዙይ ዓይነት ዝበለ (በሬ ወለደ) መፀለምታ ድማ ክመፅእ ዝኽእል ካብ ሰላማዊን ፍትሓዊን ኣተሓሳስባ ዘለዎም ቅኑዓት መራሕቲ ኣይኮነን:: *“መርቴሎ ዝሓዘ ሰብ ኩሉ ምስማር ኮይኑ ይራኣዮ”* ከምዝባሃል ተቓውሞ ንዘርኣየ ሰብ ብሓይሊ እናፈራርሑ ምግዛእ ካብ ዝለመዱ መራሕቲ ዝፍልፍል ምኳኑ እሙን እዩ:: “ሀገር ንሳቶም ጥራሕ ንምምራሕን ንስልጣንን ዝተዓደሉ ገይሮም ዝሓስቡ፣ ህዝቢ ትግራይ ንሳቶም እንትህሉው ዝህሉ ንሳቶም እንትጠፍኡ ድማ ሓቢሩ ዝጠፍእ ኣምሲሎም ንምቕራፅ “ዓይኑኹም ሸፍኑ'ሞ ክነዕሸወኩም” እናበሉ ናይ ዲሞክራሲ ጠበቓ መሲሎም በይኖም ኣብ ባዶ መድረኽ ይዋስኡ ካብ ዘለው መራሕቲ ዘይፀርፈን ምፍርራሕን ካሊእ ኣይትፅበን::

ኣነ ህወሓት ይኹን ኢህወዴግ መስመሩ ይስሕት ኣሎ፣ ዝተቓለሰሉም ዕላማታት ንጎኒ ይገድፍ'ሎ፣ ብቓልሲ ዝተረኽበ ሕገ መንግስቲ ተግባራዊ ይኹን፣ ናይ ሕጊ ልዕልና ይከበር፣ ህወሓት/ኢህወዴግ በይኑ ጥራሕ ተዋሳኣይ ኮይኑ ለውጢ ከምፅእ ስለዘይኽእል ኩሉ ዜጋ በብዓቕሙ ዝሳተፈሉ ነፃ መድረኽ ይፈጠር፣ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ዝፍፀሙ ጌጋታት ብእዋኑ ይታኣረሙ እየ ዝብል ዘለኹ'ምበር ህወሓት/ኢህወዴግ ኣጥፈእ'ኻ ወይ ካብ ስልጣን ኣውሪድካ ብኻሊእ ሓይሊ ወይ ጉጅለ ክትካእ ኣለዎ ዝብል እምነትን ሕልሚን ወይ ፍሉይ ፅልኢት የብለይን:: መን ናብ ስልጣን ክበቅዕ ከምዘለዎ ክዳኒ ዝግበኦ ህዝቢ እምበር ኣነ ኣይኮንኩን:: እዙይ ዝብለሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ እዚ ሓሳብ እዙይ ንዝተወሰኑ ዝጠቅም ወይ ዝጎድእ ከይኮነስ ህወሓት/ኢህወዴግ እውን ሓዊስካ ንኩሉ ኢትዮጵያዊ ዝጠቅምን ናይ ህዝቢ መሰል ንምሕላው እቲ ዝበለፀ መንገዲ እዩ ኢለ ስለዝኣምንን ጥራሕ እዩ:: ከምቲ ዝተብሃለ ሕቡእ ኣጀንዳ ወይ ናይ ማንም ውክልና የብለይን:: ኣብ ማንም እዋን ፈታዊ ህዝበይ ፈታዊየይ፣ ፀላኢ ህዝበይ ድማ ፀላኢየይ እዩ::

ኣያታተይ፣ መዋዕልተይን መቓልስተይን እንመን ምኳኖም ጠፊኢኩም ኣይመስለንን ንዓይ ምስኒ ቅንጅትን ምስኒ ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማሪያን ብምዝማድ ስመይ ንምጥፋእ ተመኩሩ ዘሎ:: ንሰብ ስልጣናት ዘይውድስ፣ ዝበሉዎ ዘይሰምዕ፣ ዝተፈለየ ኣረኣያ ሒዙ ንዝጓዓዝ ሰብ ካብ ህዝቢ ንምንፃልን ሞራሉ ንምስባርን ተባሂሉ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዘይኮነ ሕላገት ምልጣፍ ዝተለመደ ናይ ኣመራራሓኹም ጥበብ ምኳኑ ህዝብና ዝፈልጦ ሓቂ እዩ:: ንዓይ ንምንታይ ምስኒ ቅንጅት ኣዛሚዶም ክገልፁኒ ከምዝደለዩ'ውን ርዱእ እዩ:: “ይኩኖ ዘቕረቦ ፅሑፍ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ተቐባልነት ንከይረክብ ቅንጅት እዩ ኢልና ስሙ ነፅልሞ” ብዝብል ዝተመረፀ ቃል ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን:: ኣነ ድማ ነዚ ዝተጠቐሰ መፀለምታ መልሲ ንምሃብ ቅንጅት ድየ ወይስ ኣይኮንኩን ብዝብል ጊዜ ከጥፍእ ኣይደልን:: “ይኩኖ መን እዩ? ንዝብል ሕቶ ህዝቢ ትግራይ ይኹን እቲ ካሊእ ወገነይ ማንነተይ ኣፀቢቑ ይፈልጠኒ እዩ ኢለ ልበይ መሊኣ ዝተኣማመን ስለዝኮንኩ::

## ንምኟኑ! ነቲ ርኡይ ሓቂ ሸፊኖም ንምንታይ እዮም ናብ ተራ ፀርፊን መፀለምታን ክኣትዉ ተገዲዶም?

ቅድም ክብል ንዝቐረቡ ሕቶታትን መረዳእታትን ሪኢኻ ብቐሊሉ መልሲ ክዋሃቦም እናተኽኣለ ንምንታይ እዮም ናብ ከምዙይ ዝበለ መፀለምታ አትዮም? ዝብል ሕቶ ንብዙሓት መንበብቲ እቲ ነገር "ሕንቅ ሕንቅሊተይ" ኮይንኩም ከምዝኾውን ርዱእ እዩ:: ብናተይ እምነትን አረኣያን ናብ ከምዙይ ዝበለ አካኪ ዘራፍ ምባል ዘእተዎም ቀንዲ ምኽንያት ካሊእ አይኮነን:: ከምቲ አብ ላዕሊ ዝተገለፀ እቲ ጉዳይ ፖለቲካዊን ፕሮፓጋንዳዊን ትርጉም አለዎ ኢሎም ስለዝኣመኑሉ ጥራሕ እዩ:: መበገሲኡን ዕላምኡን ድማ በዞም ዝስዕቡ ነጥቢታት ክጠቓለል ዝኽእል እዩ::

እቲ ናይ አካለ ጉዱኣት ሽግር ክሳብ ክንደይ ተኟሳሒን መሐዘኒን ምኟኑ ስለዝርድኡ ናብ አደባባይ ወፂኡ ህዝቢ ከይፈልጦን ከይቃላዕን ስለዝሰግኡ እዩ:: እቲ ሽግር ብግልፂ ናብ አደባባይ እንተወፂኡ ድማ እቶም አካለ ጉዳኣት ጉልባብ ገይሮም ካብ ወፃኢ ይኹን ካብ ዓዲ ካብ ህዝቢ ክረኽብዎ ዝነበሮም ገንዘባዊን ፓለቲካዊን ጥቕሚ ከይተርፎም ስለዝፈርሑ እዩ:: ዝተጎድአ ሰብ ዝድብረ እንተኾይኑ ድማ ወላዲ ጥራሕ ከይኮነስ እቲ ፈቖዶ ግንባር ዘኒሀ አባል ሰራዊት ክስመዖ ዝኽእል ስሚዒት እውን አቕሊሎም ዝረአ አይኮነን::

እቲ ካሊእ ናብ ፀርፊን ምፍርራሕን ዝአተዉሉ ምኽንያት ካብ ባህሪያቶም ዝብገስ እዩ:: አብ ህዝቢን አብ ባዕሉን እምነት ዘይብሉ ሓይሊ ወይ መራሒ ኩሉሻዕ እናሰግአ እዩ ዝነብር:: አብ ነፃ መድረኽ ቀሪቡ ብህዝቢ ተዳኒዩ ንኽነብር እውን ምልካዊ ባህሪያቱ አየፍቅደሉን:: አብ ነፃ መድረኽ አብ ቅድሚ ህዝቢ ደው ኢሊ ንክካታዕ ዓርሰ እምነትን ናይ ሞራል መሰረትን እውን የብሉን:: በዚ ምኽንያት ህዝቢ ንምቁፅፃር ዝጥቀመሉ ስልቲ ድማ ኩሉሻዕ ሓይሊ ምርኩስ ገይርካ አፈራሪሕኻ፣ አደናጊፅካን አደናጊርካን ምንባር ዝብል እዩ:: ስለዝኾነ ድማ መራሕቲ ከይፈቐዱልካ ምፅሓፍ አብቲ ሕብረተ ሰብ ንከይልመድ ከም መፈራሪሒ ክጥቀምሉ ስለዝደለዩ እዩ:: ካብዚ ሓሊፉ እውን እቲ ዝቐረበ ፅሑፍ ብህዝቢ ተቐባልነት ንኸይረክብ ፀለሎ ምልካይ እዩ::

ካሊእ ናብዚ ከምዙ ዝበለ መፀለምታን ፀርፊን ክኣትው ዘገደዶም ምኽኒያት አብቲ ህዝቢ ዘለዎም ግምት ዝተሓተ ስለዝኾነ እዩ:: መማረፂ ዘይብሉ ህዝቢ ፈተወ ፀልአ ካብ ንሕና ዝበልናዮ አይሓልፍን ዝብል ንዕቐትን ትዕቢትን ዘበገሶ እዩ:: ካብዚ ንዕቐትን ትዕቢትን እናተበገሱ በብጊዚኡ አብ ልዕሊ ወገናት ንዝፍፅምዎ ገደብ ዘይብሉ ግፍዒታት ዓገብ ዝብሎም ሐይሊን ሕጊን ሲኢኖም ኩሉሻዕ ከምድሌቶም ምፀራፍን ስም ምጥፋእን ስለዝለመዱ እውን እዩ::

ይኹን'ምበር "ሓባኢ ቁስሉ ሓባኢ መድሓኒቱ" ከምዝባሃል ህዝቢ ዝፈልጦ ሽግር ኩሉ ጊዜ ሓቢእኻ ክሕባእ አይኽእልን:: ሎሚ እንተተሸፈነ እውን ፅባሕ ምውፅኡ አይተርፍን:: እቲ ቀሪቡ ዘሎ መፀለምታ እውን ነቲ ሽግር ዝፈትሕ መምሃራይ ሓሳብ ከይኮነስ ነቲ ሽግር ዘጋድድን ዘይመልክዑ ዘትሕዝን መተዓዛዘቢ ካብ ምኟን ሓሊፉ ካሊእ ፋይዳ አይህልዎን:: ኮነ ተባሂሉ ውልቀ ሰብ ንምጥቃዕ ተደርዲሮም ዘለው ተራ መፈራሪሒ ፀርፊታት እውን ንይኩኖ መስፍን ዝገልፁ ከይኮኑስ ተመሊሶም ንባዕልቶም ናብ ምንታይ ደረጃ ወሪዶም ከምዘለው ዘመላኽቱን ባህሪያቶም ዘርእዩን ስዕላዊ ነፀብራቓት ምኟኖም ፅሑፎም ጥራሕ ከይኮነሰ ተግባሮም እውን ዝምስክር እዩ:: እዙይ ስለዝኮነ እውን እዩ "ጉድለትካ ሸፊንካ ሓሶት ምጉዋሕ! ግመል ሰሪቅካ ጎምባሕ ጎምባሕ" እዩ ዘበለኒ::

**ብምጥቕላል** ቅድም ክብል ዝተዘርገሐ ይኹን ናይ ሎሚ ፅሑፈይ ዕላምኡ ናይ ውልቀ ድሌትን ስምዒትን ንምርዋይ አይኮነን:: ውልቀ ፂሊኢት ሒዘ አብ ባይታ ዘየለ ነገር ዘይተገበረ ተገይሩ ኢለ ናይ ውልቀ ሰባት ስም ንምጥፋእ እውን አይኮነን:: ወይ ድማ ካሊእ ሕቡእ ፓለቲካዊ አጀንዳ መበገሲ ገይረ ንሓደ ጉጅላዊ ዕላማን ፓለቲካዊ ረብሓን ንምውዓል ኢለ እውን አይኮነን:: መበገሲየይ ዉልቀ ጥቕሚ እንተዝኸውን ነይሩ አብዚ እዋን እዙይ ምስ መን እንተተፀጊዕካን ንመን እንተወዲስካን እዩ ስልጣን ክርከብ ወይ ድማ ጁባኻ

ክትመልእ እትኽእል? ንዝብል ሕቶ መልሱ ንኩላትና ርዱእ እዩ ዝመስለኒ:: ቅድሚ ሎሚ ዘቃለሰኒ ሽግር እዩ:: ሕዚ ዘዛርበኒ ዘሎ እውን ሽግር ስለዘሎ ጥራሕ እዩ::

ስለዝኾነ እውን ናይዚ ፅሑፈይ ቀንዲ መበገሲ ሰለስተ ነገራት እዮም:: ቀዳማይ መበገሲ አብቲ ዝሓለፈ እዋን ቅድሚ ናብ ዓዲ ምኻደይ ዝነበረኒ ግምትን አብ ዓዲ ከይደ ዝራኣኹዎን ዝተፈለየ ነገር ኮይኑ ስለዝረኸብኩዎ እሞ እቲ ነገር ስለዘሕዘነኒ እውን እንተይፈተኹ ናብቲ ጉዳይ ክኣቱ ምክንያት ኮይኑኒ እዩ:: ካብዚ ተበጊሰ ድማ እቲ ሽግር ክፍታሕ አለዎ ኢለ ስለዝኣመንኩሉ ክፅሕፍ ተገዲደ:: ወዮ’ዳኣ ዘይፍቀድ ኮይኑ’ምበር እቲ ዘሎ ሽግር ንምግላፅ ይትረፍ’ዶ ብፅሑፍ ብአካል ብሰላማዊ ሰልፊ መልክዕ እውን ተቓውሞ እንትዝግበር ዝበለፀ ምኾነ ነይሩ ዝብል እምነት አለኒ:: ነዞም አካለ ጉዱኣት እዚኣቶም ምርሳዕ ማለት ሕድሪ ምብላዕ ገይረ እየ እውን ዝሪኦ::

ካልኣይ ናይዚ ፅሑይ እዙይ መበገሲ ናይ አካለ ጉዱኣት ሽግር ጥራሕ ከይኮነስ አብቲ ዓዲ ዘኒህ ምስቅልቅል ዝበለ ምምሕዳር ዝፈጠሮም አብቲ ሕብረተ ሰብ ዝራአዩ ዘለው ድኽነትን ጥምየትን ብሓደ ወገን ብካሊእ ገፅ ድማ አብ ከምኒ ትእምት ዝበላ ትካላትን ኣብ ካልኦት መዳያትን ብስም ናይ ህዝቢ ልምዓት ዝፍፀም ዘሎ ግዕዚይና እዩ:: ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ እዙ ወለዶ እዙይ ትኩረት ክህበሉን ክሓስበሉን ይግባእ ኢለ ዝኣምነሉ ህዝቢ ትግራይ ከም ናይ ሓደ እንኮ ውድብ ውልቀ ንብረት ወይ ርስቲ ገይርካ ብምውሳድ አብቲ ሕብረተ ሰብ ዘለዉ ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ከም ፀቕጢ እናተጠቐምካ ወገናት ፈተዉ ፀልኡ ናይ ሓደ ዉድብ አባል ንክኾኑ ዝግበር ዘሎ ዘመተ እዩ:: ደቂ ሰባት መማረፂ መድረኽ ቀሪቡሎም ነፃ ኮይኖም አብ ዝመሰሎም ክውደቡን ዝመሰሎም አረኣያን እምነትን ክሕዙ ምንም ተቓውሞ የብለይን:: ግና ናይ ሓደ ዉልቀ ሰብ ሰብኣዊ፣ ዜግነታዊ፣ ሕገ መንግስታዊን ዲሞክራሲያዊን መሰላቱ አብ ሕቶ አእቲኻ ዝግበር ምልመላ አግባብ ስለዘይኮነ ዓገብ ክባሃለ ዘለዎ ይመስለኒ::

እቲ ሳልሳይ መበገሲ እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ናይ ህዝቢ ፀገማት ተዓቢጦም ከይተርፉ  ወገን ህዝቢ ዝኾነ ኩሉ ነቲ ሽግር ተረዲኡ በብናይ ባዕሉ መንገዲ ክከታተሎን ክካተዐሉን ንምግባር እቲ ጉዳይ ናብ አደባባይ ናብ መድረኽ ንምውፃእ እዩ::

ነፃ ሕሊና ነፃ ሕብረተ ሰብ ይፈጥር!!

===////===